## ***<u>ወይ'ከ ዓቕሊ ዘይትገብሮ ዘይብላ፥</u>***

*ዓቕሊ እንተመሰለት ኣፍ ዘይብላ፥*
*ትሓንበለ ኣይትብልን ኣብዝኾነ ዲይላ፥*
*ስለ ትፈልጥ ዘኽፍእ ዘጸብቕላ፥*
*ንኹሉ ተዋህልል ክሳብ ዝኣኽለላ።*

*ንሳ ተፍርዮ ምሩጽ ምህርቲ፥*
*ክርዳድ ዘይብሉ ተመመ በብሓንቲ፥*
*ፍጹም የብሉን መወዳድርቲ፥*
*ሓደሽደሽ ተብሎም ንሕልሚ ሓለምቲ፡፡*

*ወይከ ዓቕሊ ስራሕኪ ትንግርቲ፥*
*ንሓያላን ዝብሉ ተርዕዲ መሳፍንቲ፥*
*ጎብለላት ንዝብሉ ተፍርስዮም በብሓንቲ፥*
*ሚስጢር ኮይኑዎም ናትኪ ስልቲ።*

*ትማሊ ተሃንዲዱ ዝፈከረ፥*
*መንከማይ ኢሉ ዝዓንደረ፥*
*ጀለብያ ኣልቢስክዮ ኣብክንዲ ስረ፥*
*ኣምስዩእስ ቀምሪሩ ከምቋንጣ ሓረረ።*

*ዓቕሊ ተመሲልኪ እንዲኺ ኣባ ጎብየ፥*
*ጸላእቲ ትስዕሪ ከይተጎየ፥*
*ንዓኺ ዘይሰምዕ ተጠሊዑ ኣእወየ።*
*ኣብ ረመጽ ይኣቱ እና ረኣየ፡፡*

*ሕጂውን ዓሊ ተቐኒትኪ ትዕግስቲ፥*
*ቀርምዮ ዝተረፈ በብሓንቲ፥*
*ክንቕጽል ብናህሪ ስጉምቲ፥*
*ኤርትራ ክንሽልማ ከም ሰማይ ከዋኽብቲ።*

*ዘይሃስስ ዝኽሪ ንሰማእታትና፥*
*ዓወት ንሓፋሽ፥*
*ገብረንጉስ መስመር*
*ጥሪ 15, 2021*